ምልክታ.ኮም

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ሓሸዋን ፀፀርን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም፦

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 28, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ሓምለ 8, 2016 08:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ሓምለ 8, 2016 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ሓሸዋን ፀፀርን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም፦

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ናይ ሰራሕ ንግዲ ፍቃድ ፣ናይ ሻት ተመዝገብቲ ምኻኖም መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት(TIN) ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ::

2. ተጫረትቲ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ብር ) ናይ ጨረታ መክበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ(cpo )ወይም ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ::

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ(ነኒበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሽጎም ብምቅራብ ሙሉእ ኣድራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ ከቅርቡ ኣለዎም :: ስፒኦ (cpo) ድማ ንበይኑ ፖስታ ተዓሽጉ ምስ መወዳደሪ ዶክመንት ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ::

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ(ፎርሚ) ወፃኢ ምምላእ ኣይካኣልን

5. ዝሰዓረ ተጫረቲ ሰዓሪ ምካኑ ምስ ተነገሮ ብቀጥታ ካብ ዝሰዓርዎ ጠቅላለ ዋጋ 10%(ዓሰርተ ፐርሰንት) ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo ) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል ::

6. ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 15 መዓልቲ እዩ።

7. ተወዳደርቲ ካብ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ምቅራብ ኣይፍቀድን

8. ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዓዲ 'ሓ' (ዓዲ 'ሓ' ሙሉእ 1ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዉርድ ኢልካ) ናብ ዝርከብ ሳይትና ብናይ ባዕሉ (መጋዓዓዝያ)ትራንስፖርትን መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል::

9. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 100.00( ሓደ ሚኢቲ ብር )ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቀለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ 212 ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ሓሸዋን ፀፀርን ብበዝሒ ስለ ዘድልየና ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ትካልና ድሌት መሰረት ብቀፃልነት ናይ ምቕራብ ዕድል ክህልዎ ከም ዝክእል ክፈልጥ ኣለዎ።

11. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ ወይ መመሓየሺ እንተሃሊዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ቅድሚ ምብፅሑ ናብ ዕደጋን ፋይናንስን ክፍሊ ብፅሕፍ ከቕርቡ ይክእሉ እዮም።

12. ተጫረቲ ድሕሪ ሳዕን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝብል

ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን/ናብ ድርጅትና ኣታዊ ይከዉን ማለት እዩ/

13. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ 27/10/2016 ዓ/ም ክሳብ 08/11/2016 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ ጨረታ ሳፁን ዝዕፀወሉ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ 08/11/2016 ዓ/ም ስዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት::ኾይኑ ግን ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. ትካልና ካብ ብር 10,000.00 ንልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 3000.00 ንላዕሊ ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድገታት 2% with holding taxes) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቕረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ

15. ኣድራሻና ኣብ 16 ቀበሌ ኣዳነ ሓጎሰ ህንፃ (ናይ ዶ/ር ማርቆስ ሆስፒታል ዝነበረ) ቀዳማይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ 212 ንርከብ::

16. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20% ክዉስክን ክቕንስን ይክእል እዩ::

17. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ:: ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ

መቐለ ዋና ቢሮ 0938000111/0967568418 ምሕታት ይኽእሉ::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle